


# መንእሰይ ክብሪ ሃገር




ጀጋኑ መንእሰያትና ናይ ትማሊ ቀለስቲ
ናጽነት ክውርዩ ቀቢሮም ንመግዛእቲ
ንእስነቶም ኮሊፎም መሪጾም ንገድሊ
ብንቕሓት ተመልሚሎም ጉዕዞ ሓርነት ነደቕቲ ፡

መንእሰያትና ኣንጉዕ ናይ'ዛ ሃገር
ስለ'ቲ ፍቑር ህዝቦም ዝኾኑ ማእገር
ኣርዑት መግዛእቲ ንሓዋሩ ክስበር
ተሳዒሩ ብዘይ መለሳ ኣውያት ክቕበር
ሓፋሽ ክርህዎ ቅሳነት ክብሰር
ኣበይከ ምዕይ ሓንሳብ ዝረገጽዎ ኣሰር፡

ኣብቲ ጽንኩር እዋን ንሕቶና ዝጎሰየት ዓለም
መኸተምታ ቃልሲ-ኤርትራ ነጋሪት ክህረም
ናይ መሳፍንቲ ውጥን ጸሎቶም ክደጋገም
ተላዕለ መንእሰይ ውጥን መግዛእቲ ከኸትም ፡

ንክብርና ዝነደቑ ቃልሲ ወለዶታት
ሪም ገዲፎምልና ዝሓለፉ ኣቦታት
ባሕሩ ምድሩ ስንጮሮታት ምስ ጎቦታት
ነዚ ሕድሪ'ዮም ዝነኸሱ ምዑታት ምንእሰያት ፡

ኤርትራዊ መንእሰይ ኣብ ዓይኒ ገዛእቲ ዝቦቖለ
ምሒር ትብዓቱ ብጅግንነቱ ዝልለ
ንሓቂ ተቖኒቱ ብጽንዓት ዝሃጠረ
ንሽግራት በዲሁ ሃገራውነት ዘማዕበለ ፡

ካብ ዝሓለፉ ተረኪቡ ነዚ ቅዱስ ባህሊ
ህላውነቱ ከውሕስ ምርጮኡ ዝኾነ ገድሊ
ነቲ ናይ ጽባሕ ራህዋ ክሳግም ብዓቕሊ
ዝተረከቦ ሕድሪ ከውርስ ነቲ ወራሲ ፡

ኣብ ሓደ ህሞት ድርብ ቃልሲ
ብጸጋም ብረት ብየማን ነዊት-ዕርፊ
ጸላእቱ እናቖለጠ ሽሻይ ከፍሪ
ብስነ-ፍልጠት ክዕምብብ ንምዕባለ ሓባሪ
ብርእሰ-ምርኮሳ ዓወቱ ክኸውን ነባሪ ፡

ዊን ኣብዝበሎም ተገንጸልቲ ክብልዎ
ሽያጥ ፔትሮ-ዶላር ስም ከጠምቕዎ
መዳዳ እናበሉ ካብ ውራዩ ከሰናኽልዎ
መትሓዚ ስኢኖምሉ ትሓሊሎም ከርክብዎ ፡

*መንእሰይ ኤርትራ ናይ ቃልሲ በሃር*
*ምኣስ ብኸምዚ-ወዲ ከምዚ ይድሃል*
*ንሽግሩ ክፈትሕ ኣብ ሽግር መሊሱ ዝስሓል*
*ተውለ'ዩ ብክልተ ብልሖ ከምጭማራ ዝሓምል*
*ኣብ መጋርያ ሓዊ ከም መንደላይ ዝድብል*
*ቱታ'ሉ ኣብ ልዕሊ ሬሳ ጸላእቱ ተገቲሩ ዘዕልል ፡*

*ንባዕዳዊ መግዛእቲ ብዘየዳግም ስዒሩ*
*ንሕሰምን መከራን ንሓዋሩ ቀቢሩ*
*ንክርዳድን ገፊልመፊል ብኡፍታ ኣባሪሩ*
*ዘንጊ ሓቂ ተኺሉ ኣብ ቅድሚ ዓለም ተገቲሩ*
*መንነቱ ዝወረቐ  ዓቂቡዋ ክብሩ*

*ኣሰር ታሪኽ ኣሰር ሓቅነት*
*ኣሰር ፍትሒ ኣሰር ፍትሓውነት*
*ኣሰር ቃልሲ ኣሰር ጅግንነት*
*ስምዒታትካ ቀቢርካ ንርእሰ-መስዋእትነት*
*ዋርሳይ ናይሎሚ ወሪሱዋ ንኤርትራውነት ፡*

*መንእሰይ ዋርሳይ ተባሂሉ እዚ ወራሲ*
*ዓምቢቡ ክፈሪ ዝተተኽለ ፈልሲ*
*ኣለምሊሞማ ሃገር ንልቢ መረስረሲ*
*ሕድሪ ተቐቢሎም ቀቢሮም ቢሮክራሲ*
*ምዕቡል ምሕደራ ክተኽሉ ዲሞክራሲ ፡*

*ዋርሳይ እንታይ ይጽግሞ ሓንሳብ እንተኣንቂሉ*
*ኣብ ዝኾነ ኩነት ዘየጽብብ ዓቕሉ*
*ንብድሆታት ክብድህ እዩ ተሳሒሉ*
*እንሂለ'ንዶ ይርኤ ጻማ ሞሳኡ*
*ንሱ ዝረገጸ ምዓረ-ጸባ ፈልፊሉ*
*ብጸላእቲ ከይድፈር ዶባት ሃገሩ*
*ዓይኒ-ንስሪ ካብርሖቕ-ቀረባ ይሕሉ ፡*

*ዋርሳይ ወዲ ይክኣሎ ዘይብሉ ኣበሳ*
*ትብዓት ጅግንነት ናይ ወላዲኡ ዝወረሳ*
*ንሃገሩ ከድሕን ዝተፈጥረ ካብ ከርሳ*
*ንባህሪ ተቖጻጺሩ ንልምዓት ዝቐለሳ*
*ንውሕስነት ሃገር ኣብ ቆላ ኣብ ከበሳ*
*ዘይድፈር ግርማ ተፈጥሮ ኣምበሳ*
*ዋርሳይ ስለ'ቲ ሕድሪ ተጠሚቑ ዋርሳ ፡*

***ሞሳኻ ዝያዳ ክብሪ ኣሎዎ !***

***ዓወት ንሓፋሽ !***

*መድሃኔ ተስፋለም ፡*